**ኣስታት 30 ዝኾኑ ኤርትራውያን በስገዳድ ካብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ክምለሱ**

**ጸቕቲ ይግበረሎም ከም ዘሎ ተፈሊጡ**

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሳልስቲ ካብ ዶብ ግብጺ ብሓይልታት ጸጥታ ሱዳን ዝተመልሱ ኣስታት 30 ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣብ ኣጥበራ ዝተባህለ ቦታ ተዳጕኖም፡ ብሓይሊ ካብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ናይ ምምላስ ሓደጋ የንጸላልዎም ከም ዘሎ፡ ኩሉ ግዱስ ብሓፈሻ፡ ዝምልከቶም ኣህጉራውን ውድባትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰልን ኣብ ምድሓኖም ተራኦም ከበርክቱ ከም ዝተማሕጸኑን፡ ብ6 ለካቲት 2017 ካብ ሱዳን ዝረኸብናዮ ናይ ስልኪ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

እዞም ናይ ሕጂ ጥራሕ ዘይኮነ ቅድም ክብል'ውን ብዙሓት ኤርትራውያን ተመሳሳሊ ማእሰርትን ድሕሪ ማእሰርቲ ናብ ህግደፍ ምርካብን ከጋጥሞም ጸኒሑ'ዩ ዝበሉ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ እቶም ንህግደፍ ዝተረከቡ ብህይወት ኣለው'ዶ የለውን ዝኾነ ሓበሬታ ከም ዘየለ፡ ስለዚ ከኣ እዞም ኣብ ኣጥባራ ሱዳን ተታሒዞም ዘለው መሳኪን ኣብ ሓደጋ ከይወድቁ ኣብ ዓሚቕ ሻቕሎት ከም ዝርከቡ ብምጥቃስ፡ ኩሎም ግዱሳት፡ ዝምልከቶም ትካላትን ኣካላትን ግዜ ከይወሰዱ ኣብ ምድሓኖም ክረባረቡን ተማሕጺኖም።

**ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብ27-28 ጥሪ 2017 ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡**

**ንርእይቶ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝድግፍ ከም ዝኾነ ይግለጽ ኣሎ።**

ገባሪ ዘይግቡር መራሒ ህግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ እዋኑ ብዛዕባ ሓድሽ ዓመት ቃል ከይተንፈሰ ተሓቢኡ ቀኒዩ፡ ብ27-28 ጥሪ 2017 ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ምስ ማዕከናት ዜናኡ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ብፍላይ እቲ ንዘቤታዊ ጉዳያት ዝምልከት፡ ኣብ ውሽጢ 25 ዓመት ኣይኮነን ዘይነበረ ሓድሽ ነገራት ከተኣታቱ፡ ነቲ ዝነበረ'ውን ክጽግኖን ክዕቅቦን ከምዘየከኣለ ብወግዒ ምእማኑ ንርእይቶ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝድግፍ፡ ነቶም ብይባሃል ኣሎ ሃገር ትለምዕ ኣላ እናበሉ ዘጣቕዑ ኣምለኽቱ ድማ መርድእ ቅድመ ውድቀትዩ ክብሉ ዝተፈላለዩ ግዱሳት ኤርትራውያን ይገልጹ ኣለው።

ቀረብ ሓይሊ ጸዓት ኣብ ሓንቲ ሃገር ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት'ዩ፡ ኣብ ሕርጊጎ ዝነበረ 120 ሜጋዋት ሰኣን ዝጽግኖ ተለጋጊቡ ናብ 70 ሜጋዋት ወሪዱ ኣሎ። ዝስተ ማይ የለን። ትርጉም ዘለው ዝተዋደደ ትሕተ ቅርጻ የለን። ገለ ዝተሓሰበ፡ ዝተጀመረ፡ ዝተመደበ ነይሩ ግን ኣይተዛዘመን ካብ ዝብል ኣሸካዕላል፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ከም'ዚ ወጢና በዚ ዓመት'ዚ ድማ ዛዚምና ህዝቢ ክግልገለሉ ገይርና ኢሉ ከቕርብ ኣይከኣለን። ነቲ ብመደብ ዝመስል ኣብ ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ዘቤታዊ ሽግራት፡ ናብ ግዳም ክድርብዮ ምፍታኑ፡ ብተቓወምቲ ውድባት ክቐርበሉ ዝጸንሐን ዘሎን ክሲ ኣማን ብኣማን ሓቂ ምኳኑ ዘረጋግጸ ብምኳኑ፡ ዝተደናገረ ርድኢት ዝጸንሖም ወገናት ርእይቶኦም ከስተኻኽሉ ዝሕግዝ'ዩ ክብሉ ኣረዲኦም።

**መራሕቲ ኤውሮጳ ስደተኛታት ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ከይኣትው ንምዕጋት**

**ኣብ ሊቢያ ሓድሽ መዓስከር ስደተኛታት ክኸፍቱ ተሰማሚዖም**

መራሕቲ ኤውሮጳ ሕብረት ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ላ ቫሌታ (ደሴት ማልጣ) ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ፡ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ተበጊሶም፡ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ኣቋሪጾም ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ንዝኣትው ኤርትራውያን ዝርከብዎም ስደተኛታት ብርሑቕ ንምክልኻል መታን ክከኣል፡ ኣብ ሊቢያ መቐበልን መዳጎኒን ስደተኛታት

ዝኸውን መዓከር ክኸፍቱ'ሞ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ፡ ነቶም ስደተኛታት ነናብ ሃገሮም ንምምላሶም ከም ዝተሰማምዑ፡ ንውዕሎ እቲ ኣኼባ ብቐረባ ዝተኸታተለ ጋዜኛ ማርቲን ፐላውት ብ4 ለካቲት 2017 ጸብጺቡ።

ከም ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር ማለት ላዕለዋት ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ኣይ ኦው ኤም ማለት ኣህጉራዊ ውድብ ስደት፣ ጣልያናውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ትካላት ዜናን ብዓይኒ ክብረት ሰብኣዊ መሰል፡ ሰብኣዊ መሰል ዝዳፋእ'ዩ። ብዓይኒ ኣብ ግብሪ ኣፈጻጽማኡ ድማ ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘይፍለን ኣጸጋምን'ዩ ብምባል ከም ዝተቓወምዎን እቲ ጋዜጣኛ ኣረጋጊጹ።

መንግስቲ ጣልያን ብወገኑ ብተነጻል ኣብ ምዕጋት ስደተኛታት፡ ምስ ሰበ-ስልጣን ሊቢያ ከም ዝተሰማመዐ፡ ኣብ ምኽልካል ስደተኛታት ዝውዕል ንሃገራት ሊብያ፡ ቱኒዝያን ኒጀርን ዝወሃብ 200 ሚሊዮን ዩሮ ከም ዝሰለዐን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 08-02-2017